# ጨንፈር ሆላንድ ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ሰፊሕ ኣኼባ ናይ ኣባላቱ ኣካይዱ

- **ሓላፊ ስርርዕ ውድብ ንኣኼበኛታት መግለጺ ሂቡ**

ብዕለት 30.10.2004 ጨንፈር ሆላንድ ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ናይ ኣባላት ውድብ ንኣርባዕተ ሰዓት ዝወሰደ ኣኼባ ኣብ ሮተርዳም ኣሳሊጡ። እዚ ኣኼባዚ፡ ጨንፈር ሽማግለ ኣብ ናይ ዕለት 8.10.2004 ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ ብዘሕለፎ ውሳኔ ዝተጸውዐ ኢዩ። ኣብዚ ኣኼባዚ ክልተ ኣባላት መሪሕነት ሰውራዊ ባይቶ ተረኺቦም ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገርን ውድብን ንኣባላት መግልጽን መብርህን ሂቦም።

እቲ ቀዳማይ ክፍሊ ናይ ኣኼባ፡ ኣቦ/መንበር ሽማግለ ጨንፈር ብጻይ ዘርኣብሩኽ ገብረታቲዮስ ብዝቐረቦ ጸብጻብ ተጀሚሩ። ናይ ዝተኸየደ ጨንፈራዊ ንጥፈታት፡ ኣብ መዳያት ፖሊቲካን ቁጠባን ውድብ ኣመልኪቱ ንዝቐረበ ክፋል ጸብጻብ፡ ኣኼበኛ ዝለዓለ ግዜ ሂቡ ዕቱብን ሓላፍነታውን ክትዕ ኣካይድሉ። ነቲ ኣብ ኩሉ ቦታታት ብኹለን ጨንፈራት ተሓ.ኤ ሰ.ባ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት፡ ውድብ ንምህናጽን፡ ንዲሞክራስያዊ ዕ ላማኡ ብቑዕ መሳርሒ ንምግባርን፡ ሽማግለ ጨንፈር ግርም ጌሩ ተታሓሒዝዎ ከምዘሎ ኣኼበኛ መዚኑ። ንምዕዋቱ ከኣ ነፍሲወከፍ ካብኡ ዝድለ ዘይስልኪ ጻዕሪ ምግባር ዘድሊ ምዃኑ ተገንዚቡ። ኘኹሉ ዘጠቓለለ መደባት ናይ ስራሕ ወጺኡ።

ሽማግለ ጨንፈር ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባኡ ኣብ መንእሰያት ኣቓልቦ ክግበር ከምዘለዎን፡ ኣገልግሎት እናረኸቡ ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ዝሳተፍሉ መንገዲ ምንዳይ ተደላይነቱ ብምርኣይ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ኣብ ቤ/ጽ ኣዳሊዩ ኔሩ። እዚ፡ እናሃቦ ዝጸንሐ ናጻ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ኣገዳሲ ቁጽሪ መንእሰያት ኣናተጠቕምሉ ከምዝመጹ ኣብዚ ኣኼባዚ መዚኑ። ጠቓምነቱ ንምዕዛዝ፡ ምስፍሑን ናይ ኣገልግሎቱ ሰዓታት ክዛይድ ከምዘለዎን ውን ተራእዩ።

እቲ ካልኣይ ክፍሊ ናይቲ ኣኼባ ብክልተ ኣባላት መሪሕነት ዝቐረበ፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ጉዳያት ሃገርን ደንበ ተቓውሞ ዝምልከት መግለጽን ንሕቶታት ኣኼበኛታት ዝተዋህበ መብርህን ኢዩ ኔሩ። ኣባል ፈጻሚት ሽማግለን ሓላፊ ቤ/ጽ ስርርዓዊ ጉዳያትን ብጻይ ኣሰፋው በርሀ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኣማሓድራ ዉልቀ-ምልካዊ ስርዓት ኢሰያስ ኩነታቱ እናሓሰመ ይኸይድ ከምዘሎን፡ መጻኢ ዕድል ሃገርና ኤርትራ ውን ህልዊ ስርዓት ብዝኽተሎ ኣዕናዊ ፖሊሲ ተገዚኡ ዝኸይድ ዘሎ ብምዃኑ፡ ዝኸፍአ ከይመጸ ዕምሪ ናይዚ ጨቋኒ ስርዓትዚ ዝሓጽረሉን ውሕስነታት ዝተረጋገአት ዲሞክራስያዊት ሃገር ዝትከለሉን መንገዲ ምሓዝ ሎሚ ካብ ትማሊ ዝዓዘዘ ጸዋዒት ምዃኑ ገሊጹ። ሓላፊ ስርርዕ ውድብ ሰፊሕ ገለጽኡ ብምቕጻል፡ “ሎሚ ስርዓት ኢሰያስ ብዝተኸተሎ ኣመራርሓ ኣብ ውሽጥን ኣብ ግዳምን ተጻባእቱን ዘይደለይቱን ኣብ ዝበርከትሉ፡ ስልጣኑ ብጸጥታዊ ትካላት ዝሕሎ ሓጺር ትንፋስ ዘለዎ ህልውና ኢዩ ዘሕልፍ ዘሎ። ስልጣኑ ክናዋሕ ኮይኑ ዘሎ ድኻምን ሕጽረትን ናይ ተቓወምቱን ዘይደለይቱን ዝሃቦ ዕድል ኢዩ” ብማለት ገሊጹ።

ኩሎም እዚ ስርዓት እዚ ኣልጊሱ፡ ኣብ ክንድኡ ሓንትን ዝተረጋገአትን፡ ወሳንነት ናይ ህዝቢ ዝኽበረላ፡ ማዕርነትን ፍትሕን ዲሞክራስን ብልጽግናን ዝሰፈና ሃገር ንክትከል ዝቃለሱ ሽኻት ኩሉ ዓቕሞም ኣኪቦም ዝዋስእሉ ሰፊሕ ግንባር ክፈጥሩ ከምዝግብኦም ኣረዲኡ።

ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ ኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታት፡ በተን ዝረኸቡለን ናይ ስምምዕ ነጥብታት ሓቢሮም ክሰርሑን፡ ንህሉው ምልካዊ ስርዓት ኣልጊሶም፡ ኪኑኡ ንዘሎ መድረኽ ባይታ ዘጣጥሕ መስርሕ ቃልሲ ንከዐውቱ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ብጻይ ኣሰፋው ኣብሪሁ። እቲ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ጀርመን ከተማ ፍራንክፎርት ምስ ሰለስተ ውድባት ዝተበጽሐ

ናይ ምርድዳእ ስምምዕ ውን ውጽኢት ናይቲ ብኹሎም ተረዳዳእቲ ሸነኻት ክካየድ ዝጸንሐ ዕቱብ ቃልሲ ምዃኑን፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ካልኦት ውድባት ሓዊሱ ዝሰፍሐ ናይ ሓባር ኣኼባ ብምግባር ውልቀ መላኺ ስርዓት ኤርትራ ዝለግሰሉን ህዝቢ ዋና ምምሕዳሩን ሃገሩን ዝኾነሉ ውሕስነታት ዘረጋግጽ ሜላን ስትራተጅን ክርኢ ከምዝኾነ ኣሚቱ።

ውድብና፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ሓድሕዶም ብዝገብርዎ ምፍላጥን ምክብባርን ምጽውዋርን ብዙሕ ናይ ሓባር ስራሓት ክገብሩ ከምዝኽእሉ ይኣምን። ምውንጃልን ምጽላምን ግን ናይ ሓባር ባይታ ጥራይ ኣይኮነን ዝኽልእ፡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ንክጠፍእ ዘሎዎ ዓቕሚ ኣንጻር ሓድ-ሕድ ስለ ዘህልኽ ጎዳኢ ኢዩ።

“ወሓጥዮ እንተብልክዋስ ትጎስመሉ” ከምዝበሃል ዝሓለፈ ዘይኮነ ስያመታት ይኣክል! የብቅዕ! እናተባህለ ሎሚ ከኣ፡ ሰውራዊ ባይቶ “ጸረ ሃገራዊ ምሕዝነት ኢዩ” “ጸረ ሃገራዊ ዋዕላ ኢዩ” ዝብል ክስታት ፍርያት ተሳኢንዎ፡ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ከም ናብ ህግዲፍ ሓይሊ ኣቫኺቡ ንክኣቱ ዝዓይ ዘሎን ከም ጸረ ጎረባብቲ ሃገራትን ነንሓድሓደን ከናቑተን ከም ዝሰርሕ ዞሎን ጌርካ ብላዕለዋይ ሓላፊ ምሕዝነት ኣቶ ሕሩይ ተድላ ናይ ሓሶት ውንጀላን ናይ ምብኣስ ጎስጓስን ክስማዕ ከሎ ዘደንጹ ኢዩ። ንበሃሊኡ ኣብ ግምት ዘእቱ ኢዩ። እምበርዶ እዚ ሰብኣይዝስ ነዛ ሃገር ይሓስበላ ኢዩ? ድማ ዘብል ኢዩ። እናባኣሰን እናጣቔሰን እናወንጀለን፡ ክነብር ዝፍትን ኣካል ሃገራዊ ስራሕ የካይድ ኣሎኹ ክብል ዘይቅቡል ኢዩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ከምቲ ገለ ሸነኻት ክጸልምዎ ዝፈተኑ፡ ጸረ-ሃገራዊ ምሕዝነት ይኹን ጸረ ሃገራዊ ዋዕላ ኮይኑ ኣይፈልጥን ኢዩ። ጸረ-ሃገራዊ ምሕዝነት እንተዝነብር፡ ኣብ 2003 ዝተኻየደ፡ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ዘተ ሽማግለኡ ኣውጺኡ ንዑ ንዛተ ኣይምበለን። ጸረ-ምሕዝነት እንተዝነብር ብዛዕባ ሓድነት ተቓውሞ ደንበ ዘርቀቐ ውድባዊ እማመ፡ ኣብ መጀመርያ ወርሒ ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓ መት፡ ቅድሚ ኩሉ ውድብ ንሃገራዊ ምሕዝነት ኣይመቕረበን ኔሩ። ሰውራዊ ባይቶ በቲ ምስ ሃገራዊ ምሕዝነት ክራኸበሉ ዝኽእል ናይ ሓባር ነጥብታት ተወሃሂዱ ክሰርሕ ቅሩብነት ወትሩ ምስኣረጋገጸ ኢዩ። እዚ ክዕወት ዘይከኣለ ግን ብሰንኪ ሃገራዊ ምሕዝነት ዝተኸተሎ ኣገባብ ኢዩ።

ሰውራዊ ባይቶ ጸረ ሃገራዊ ዋዕላ ኮይኑ ኣይፈልጥን። ነዚ ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ሓሳብ ናብ ምሕዝነት ዘቕረበ ውን ንሱ ባዕሉ ኢዩ። ሰውራዊ ባይቶ ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ሓሳብ ከቕርብ ከሎ፡ ሃገርዊ ምሕዝነት ናጻን ባህርያውን ምዕባለኡ ሒዙ፡ ዘተስፉ መንገዲ ተኸቲሉ፡ ነጥበ ስምምዓቱ እናኣዕበየ፡ ብናይ ሓባር ተመኩሮኡ ዝያዳ ምትእምማንን ምክብባርን እናኣጥረየ፡ ውድባዊ ቅርጽኡ ከመሓይሽ ናይ ውሽጡ ጠለብ ኣብ ዝኾነሉን፡ ኣብ መንጎ ኣባለ-ውድባት ዝያዳ ስጥመት ኣብ ዝተረጋገጸሉን እዋን ኢዩ እማመ ሃገራዊ ዋዕላ ቀሪቡ። ውሕስነታት ናይ ዓወት (ሃገራዊ ዋዕላ) ተዋህሊሉ ኣሎ ኣብ ዝተባህለሉ ኢዩ እቲ ሓሳብ መጺኡ። ከምቲ ኩሉ ዝመዘኖ ግን፡ ኣብ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነቱ፡ ሃገራዊ ምሕዝነት ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ተመሊሱ። እቲ ኣብ ጉዕዞኡ ዘገም እናበለ ዝሀነጾን ዘዋህለሎን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንምዕዋት ቅድመ-ተደላይነታት ክኸውን ዝኽእል ዝነበረ ኣዎንታዊ ምዕባለታት ተደምሲሱ። እቲ ቃልሲ ንድሕሪት ተመሊሱ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ እቲ ሰውራዊ ባይቶ ክወስዶ ዝኽኣለ መንገዲ ከኣ ፡ መጀመርታ ነቲ ቃልሲ ካብቲ ንድሕሪት ተመሊስዎ ዘሎ፡ ካብቲ ጥሒልዎ ዘሎ ምውጽኡ ኢዩ። ውሕስነት ዓወታት ሃገራዊ ዋዕላ ምውህላልን ምህናጽን ኢዩ። እዚ ከኣ፡ ውድባት ኣብ ሓድሕደን ብዝገብረኦ ምክብባርን፡ ምፍላጥን ብዝሰማማዕሉ ሓቢረን ብምስራሕን ድኣምበር እናተሻናደሓን ተነጻጺጋን ዝእቶ ሃገራዊ ዋዕላ ብዝኾነ መልክዒ ዕዉት ክኸውን ትጽቢት ክግበረሉ ስለዘይክእል ኢዩ። ስለዚ እቲ ሎሚ ሰውራዊ ባይቶ ከም ቀዳማይ ዕ ማም ወሲዱ ዝጽዕረሉ ዘሎ ኩሉ ተቓዋሚ ሓይልታት፡ ብዝራኸበሉ መደባት ሓቢሩ

**ዝቃለሰሉ ሰፊሕ ግምባር ምቛም ኢዩ። ኣብዚ ዝፍጠር ሰፊሕ ግምባርዚ፣ ናይ ተግባርን ኣረኣእያን ሓድነት ኣናተመዝገበ፣ ዝኸደሉ ዕድል ክረክብ ኢዩ። ምትእምማንን ምክብባርን ክሰፍን ክኽእል ኢዩ። ናብ ዝያዳ ዘሳርሓካ ዝኽእል ናይ ቃልሲ ኣገባባት ከሰጋግር ክኽእል ኢዩ። ሃገራዊ ዋዕላ ከም ፈውሲ ናይ ኩሉ ቃልሳዊ ሽግራት እንተተውሲዱ ውን፣ እዚ ሰፊሕ ግምባርዚ ክጠልቦን ከተግብሮን ዝኽእል ኢዩ።**

**እቲ ዘድሊ፣ እቲ ዝቐውም ሰፊሕ ግምባር፣ ኣብ ምውዳቕ ምልካዊ ስርዓት ዘትከለን ውሕስነታት ንምምስራት ሓንትን ዝተረጋግአትን ወሳንነት ናይ ህዝቢ ዝኽበረላ፣ ማዕርነትን መሰልን ናይ ኩሎም ዜጋታት ዝሕለወላ ሃገር ዝህብ ክኸውን ዘለዎ ኢዩ።**

**ኣብ መወዳእታ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፣ እዚ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ፓርትን ፌድራላዊ ምንቅስቓስን ሰውራዊ ባይቶን ተጅሚሩ ካልኦት ውድባት ውን ዝጽንበርዎ፣ ናይ ሓባር ኣኼባኡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዘካይድ ግንባር ዚ፣ ተልእኾኡ እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዕላማታት ንምርግጋጽ ምዃኑ ገሊጹ። ከምቲ ብላዕለዋይ ደረጃታት እቲ ምቅርራብን ምውህሃድን ዝኸይድ ዘሎ፣ ኩለን ውድባት ኣብ ዝዋሳኣሉ ቦታታት ኣብ ታሕተዋይ ጽፍሕታት ውን ኣቲ ምቅርራብን ምውህሃድን እናኸደ ኢዩ። ኣብ ሆላንድ ውን እቲ ስራሓት ክኸይድ ከምዘለዎ ንኣኺበኛታት ሓቢሩ።**

**ሽማግለ ጨንፈር**
**01.11.04**